# ፈራሕ ዓሰርተ በትሩ ውሒዱ

መልሲ ኣቶ ጋይም ወልዱ

1. ሓደ ጸሓፋይ ሓስዩ ደኣ ኣይጽሓፍ'ምበር ጋዜጣታት ለጊቡ ለጋጊቡ ክጽሕፍ መሰሉን ቅኑዕን'ዩ። እንቋዕ ድማ ሓሳዊ ኣይበልካኒ።

2. ብዛዕባ ኣብ ሻዕቢያ ከይድካ ነይርካ ዶ ትብሎ፡ ንጹር መግለጺ እንተትህበሉ ጽቡቕ።እቲ ምኽድ እንታይ ማለት እዩ። እንታይ ተገይሩ እንታይ ተባሂሉ ብንጹር ፈልጢካ ጽሓፍ'ሞ መልሲ ክወሃበካ።

3. ክቡር ኣቦና ደግያት ተድላ ባይሩ ክጽረፉ ኣይደልን። ወዮ ደኣ ዘድልየካ ተንብብ ክተንብቦ ዘይደለኻን ከኣ ትሰግሮ ኮይንካ'ምበር ንኩሎም ወለዲ ኣብ ዘየለውሉ ጉዳይ ፖለቲካ ብሰንኪ ደቆም ክጽረፉን ክዋረዱ ግቡእ ኣይኮነን ካብ ምባል ሓሊፈ ዝበልክዎ የብለይን።

4. ኣብ ቲቪ ድምጺ ኤርትራውያን ቃል መሕተት ኣካይዶምለይ፡ እዚ ሓበሬታ'ውን ቅኑዕ። ተሓቢኤ ዘይኮንኩ ብቃልዕ፡ ለሚነዮም ዘይኮንኩ ተሓቲተ ሕራይ ድማ በልክዎም። ብዛዕባ እቲ ዶባዊ ኵናት ድማ ተዘራሪብና።ተወዲኡ።ቅዳሕ ቪድዮ ክሰደልካ እውን ምፈተኹ ፍቓደኛ እንተኾንካ። ኣጸቢቕካ ክትርእዮን ክትምርምሮን። ሽው ኣንቶንዮ ኢሎሞ ወይ ነይርካ ዘይኮነስ ዓንዳዕዲዕካ ክትጽሕፍ።

5. ሓደ ሰብ ጥራሕ ዘይኮነ ብዙሓት ግን ኣብ ዘዘገድሶም ኣርእስቲ ነቐፌታ ኣቕሪቦምለይ፡ እቲ ዘቕረብዎ ነቐፌታ ግን ከም'ቲ ናትይ ብጽሑፍ ዝተሰነየ ኣይኮነን። እዛ ሓደ ሰብ ዝሓተተኒ ግን ( ምስ ሓደ ሰብ ጥራሕ የዕሊለላ፡ ምኽንያቱ ንስለ ዘይሕፍረንን ዘየሰምብደንን፡እንሀት'ኳ ናባኻ በጺሓ)። ጽቡቕ። ክሳብ ሕጂ ክሳብ 8 መጽሓፍቲ ሓንቲ ብሽወደን ዝተተርጎመት ጽሒፈ።

ክገርመካ ከም'ቲ ንስኻ ትገልጾ ልግብጋብ ዘይኮነስ ንካልኣይ ግዜ ክሓትሞ ዝሓቱኒ ብዙሓት እዮም። ተተርኢሰዮ ወይ ኣብ መኽዘን ደርዲርዮ ዝኽይድ መጽሓፍቲ የብለይን።

ነዚ ድማ ነቶም ኩሉ ካብ ቀዳመይቲ ካልኣይቲ.... ወ.ዘ.ተ መጽሓፍ ዝተሻየጡለይ ደጊመ ደጋጊመ ክሓትም ዘተባብዑኒ ሞራልን ደገፍን ዝገበሩለይ ኩሎም ኤርትራውያን ልባዊ ምስጋና ከብጽሓሎም እፈቱ።

ሰብ ሓደ ግዜ ይንቀፍን ግን ክሳብ ሸሞንተ ግዜ መጽሓፍ ክጽሕፍ ደቂስካ ብምጽናሕካ ዝሕዝን'ዩ። ሎሚ እቶም ዝተነቕፉ ባእታታት ዝተጸርፉ መሲልዎም ካብ ስቶክሆልም ሓደ ሓደ ዘረባን ካልእ ኣማሊኦም ክምግቡኻ ምኻኖም ስለ ዝፈልጥ ኣነ ሰብ ሓስየ ዘባኣስኩ ገንዘብ ዝሰርቕኩ ንስለ ዘይኮንኩ ዝለገበኒ የብለይን።

እቲ ዝተወከስክሉ ሰነዳት ብሙሉኡ ሓልፍነቱ ዝስከሞ ኣነ ዘይኮንኩስ እቶም ውድባት ንዕኡ ዝጸሓፉ ምኻነን ክትፈልጥ ይግባኣካ። ካብ ጋዜጣታት ለጋጊበ ምጽሓፈይ ድማ የኹርዓኒ። እንቋዕ ሓሳዊ ኣይበልካኒ።

6. ብዛዕብ ኣቶ ሕሩይ ተድላ ባይሩ ግዜ ኣብ ዘፍቅዶን ብጉዳይ ኣኼብና ንረኽብ'ና፡ ሕሩይ በቲ ዝጸሓፍክዎ ኢልካ ትሓምየኒ ዘሎኻ ከም ዘየትርጉሞ እፈልጥ፡ ከመይ ምስኡ ንስለ ዝተዛራረብኩ። መታን ክትፈልጦ ድማ ( ሓሳብካ ንምግላጽ ኣይትቆጠብ፡ እዚ ኩልና ንሓልፎ መድረኽ እዩ ዝበለ)። ምእንቲ'ዚ ብሕሩይ ብዙሕ ኣይትሕመም።

7. ጉርዲ ስነ ጽሑፍ እልካየ፡ ኣንታ ጉድሪ ዶ ንዕዳጋ ይውወርድ’ዩ። በል ጉርዲ ንዕዳጋ ወሪዱስ ተሸይጡ፡ ተወዲኡ። ምእንቲ’ዚ በቲ ጉርዲ ስነ ጽሑፈይ ኣይትሰከፍ።

*መደምደምታ*

ኣቶ ጋይም ወልዱ ንኽንደይ ሰባት ኣብ ቲቪ ሻዕቢያ ተዛሪቦምን፡ ሻዕቢያ ዝነበሩ ቢልካ ክትጻላእ ኢኻ ደኣ። ካልእ ነጥቢ እንተሎካ ደኣ ሒዝካ ምጻእ’ምበር ሎምስ እዚ ዕባራ ምኽንያት ቦታ የብሉን። ኣነ ብቃልዕ ኣብ ቲቪ ድምጺ ኤርትራውያን ተዛሪበ ናይ’ቶም ብሕቡእ ሕቡእ ትኸዱ ግን መርዝን ሕንዝን ኮይኑ ኣሎ። መዛረቢ ኣርእስቲ ድማ ጉዳይ ባድመ’ምበር ካልእ ኣይነበረን።

”ፈራሕ ዓሰርተ በትሩ” ትርጉሙ ተረዲእኻዮ ክትኸውን ተስፋ እገብር። ኣለም ጎይታኦም ወይ ንዕኡ ዝመስሉ ተቃለስቲ፡ ንሳቶም ብዘይወዓልዎን ብዘይገበርዎን ሓላፍነት ክሕተቱ ግቡእ ኣይኮነን’የ ዝበልኩ። ጣሃ ተወከል ኣለም ዝሓተቶ ንጀነራል ጎትኦም ምልዓሉ ብሓቂ ናይ ግጉያት ጌጋ’ዩ። ኣነ ምስ ኣለም ስጋዊ ዝምድና የብለይን ግን ከኣ ዘይቅበል ዘይሃስስን ነባሪ ዝምድና እታ ዓባይ ጀብሃ ኣሎና።

ኣነ ርእይትኡ ምሳይ ዘይተሰማምዐ ከም ናይ ኣቶ ጣሃ ገቢረ ኣይምክቶን። ንሱ ከም ጋዜጠኛ መጠን ነቲ ኣገባብ ቃላት ክጥቀም ግቡእ ኣይመስለንን። ኣነ ግን ምስላ ኣቅሪበ።እታ ምስለ ድማ ኣብ ቦትኣ ኣላ ይመስለኒ።>እዚ ድማ ኣብ ክንዲ እታ ምስ ኣለም ዘልዓልዋ ነጥቢ ዝቅጽልዋ ናብ ጀነራል ጎይትኦም ምስግጋር ሓጥያት’ዩ እየ ዝበልኩ።
ኣቶ ጋይም ወልዱ ንስኻ ምሳይ ተዛሪብካ ንክቡር ወላዲኻ እንተልዓልክምምስ ምስ ስሓቅኻዶ ምስጓሃኻ ? ኣነ ይትረፍ ንስኻስ ንሕና’ውን ምስ ጓሃን እብል። ናይ ጀነራል ጎይትርኦም ድማ ከምኡ እዩ። እቲ ዘዛረበ ድማ ንሱ እዩ እምበር ኣለም ቅኑዕ ነይሩ ወይ ጣሃ ዝብል ኣይነበረን። ኣለም ዝብሎ ቅኑዕ እንተሎ መማልኢ ዘረባን ምኽንያትን ኣይደለይሉን እየ። ኣቶ ጣሃ ድማ ቅኑዕ እንተዝነብር ከም’ዚ ናትካ ካልእ ዘረባ ዝተማላእካ ኣይምገበርኩን።

እዚ ወደሓንካ

28 ሕዳር 2004
ኣንቶንዮ ተስፋይ